# إزالة الإلتباس لأحكام النفاس

# ምእላይ ጥርጥር ኣብ ደንብታት ጽግያትን ድሕሪ ሕርስን



تجريني

سلطانة
Sultanah

# إزالة الالتباس في أحكام الحيض والنفاس

## باللغة التجرينة

تأليف

مها عبد الله العبودي          نورة محمد الشتري

ترجمة

علوية محمد برهان

زبيبة محمد برهان

المراجعون

د.بيان صالح / مكتب الدعوة بأم الحمام

عبد العليم إدريس/ مكتب الدعوة بالروضة

صالح سعيد / مكتب الدعوة بأم الحمام

# ምእላይ ጥርጥር ኣብ ደንብታት ጽግያትን ድሕሪ ሕርስን

**ትርጉም**

**ዓለዊያ መሓመድ ብርሃን**
**ዘቢባ መሓመድ ብርሃን**

**<u>ዳግመ እርማት</u>**

**ዶክተር በያን ሳልሕ**
**ዓብደልዓሊም ኢድሪስ**
**ሳልሕ ሰዒድ**

# ምእላይ ጥርጥር ኣብ ደንብታት ጽግያትን ድሕሪ ሕርስን

## መቕድም ተርጎምቲ

ብመጀመርያ፡ እዛ መጽሓፍ እዚኣ ተተርጕማ ኣብ ኢድ ኣንበብቲ ክትበጽሕ ዘብቀዓ ክቡር ረብና ስብሓነሁ ወተዓላ ምስጋናና ይብጸሓዮ።

እምበኣርከስ ክቡራት ኣንበብቲ ነዛ መጽሓፍ እዚኣ ክንትርጉማ ቀንዲ ዝደረኸና ኣገዳስነታን ኣድላይነታን ፍሉይ ብምኳኑ በቲ ዓቕምና ዝፈቐዶ ተርጕምና ንኹለን ኣዴታትናን ኣሕዋትናን ነቕርበለን። ኣብ ሸሪዓ ምስ'ዚ ኣርእስቲ ዝተሓሓዝ ናይ ሰላትን ስያምን ካልኦት ኣገደስቲ ጉዳያት ብዙሕ ደንብታት ሒዙ ስለ ዝርከብ: መብዛሕትኤን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ'ዚ ጉዳይ ዘለወን ጸገማት ካብ'ዛ መጽሓፍ እዚኣ ኣንቢበንን ተረዲኤንን ተጠቀምቲ ክኾና እቲ ዝዓዘዘ ድሌትናን ህርፋናን'ዩ። ከምኡ'ውን ነዛ መጽሓፍ እዚኣ ኣብ ምእራምን ምሕታምን ዝተሓባበሩና ኣሕዋትን ኣሓትን ብስምናን ብስም ኩሉ ኣንባብን ነመስግኖም።

ኣብ'ዛ መጽሓፍ እዚኣ ዘለኩን ዝኾነ ርእይቶን ሓበሬታን
በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሳ።
Alewiya.m.burhan@gmail.com

እዛ መጽሓፍ እዚኣ ዝበጽሓታ

ብዝተኻእለ መጠን ነተን

ዘይበጽሐን ኣሕዋት

ከተብጽሓለን ንላቦ!!!

ትርጉም

ዓለውያ መ/ብርሃን

ዘቢባ መ/ብርሃን

بسم الله الرحمن الرحيم

ኣልሓምዱሊላህ ወሰላት ወሰላም ዓላ ረሱሊላህ ወኣሊሂ ወሳሕቢሂ ወባዕድ።

ብርግጽ እዛ ምእላይ ጥርጥር ኣብ ደንብታት ጽግያትን ናይ ድሕሪ ሕርሲ ደምን ልክዕ ከም ሰማ እቲ ትሕዝቶ መልእኽታ'ውን ንብዙሕ ዘሸግር እትውግድ ብሓቂ ውሳኔታት ወርሓዊ ጽግያትን ድሕሪ ሕርሲ ዝፈስስ ደምን ኣላይት ኮይና መጺኣ፣ ከምኡ'ውን ብሓገዝ ናይ ልዑል ጎይታ ንጸገም ኣቃሊላ፣ ንሩሑቅ ፣ ኣቕሪባ ንፋሕ ዝበለ ጠርኒፋ ትርከብ።

ናይ'ዚ መረጋገጺ ከኣ ኣብቲ ሒዛቶ ዘላ ኣገባብ ኣቀራርባ ኣሰራርዓን ኣከፋፍላን ኣንባቢ ክርእዮን ክሰምዖን'ዩ፣

ነዚ ዝፈጸምክንኦ(ዘበርከትክንኦ)ሰናይ ወፈራን ጻዕርን ድማ ረቢ ይባርኽልክን ዓስብኽን'ውን ይሃብክን፣

ልዑል ኣላህ ምስጋና ይብጸሓዮ እቲ ብናቱ ልግስን ድሌትን ሰናይ ግብሪ ዝፍጸም፣

ዓብዱልዓዚዝ ኣሰ'ድሓን

23/ 3/ 1431 ህጅሪያ

ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ግልጺ ዝኾነ ሕጊ ሸሪዓ ሓጊጉልና'ዩ። ከምኡ'ውን ረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ኣብ ግልጺ ለይታ ከም መዓልታ ብርሃን ዝኾነ ገዲፎሙና እምበር ኣብ ጽልግልግ ዝብል፡ዘይብሩህ፡ ዘጠራጥር፡ዘሸግር ኣይገደፉናን፡ምእንቲ በቲ ብሩህ መንገዲ ክንከይድን ከምቲ ረቢ ዝኣዘዘና ብኣፍልጦ ክንግዛእን።

* ድሕሪ ሻሃደተይን ዝዓበየ ዓንዲ እስልምና ሰላት ብምኧኑ ምስኡ ዝተኣሳሰር ድማ ጠሃራ (ንጽህና) ስለ ዝኾነ ከምቲ ዝግባእ ክንክን ጽሬት ጌርና ተቆጻጸርነት ናይ ኣላህ ዝመልአ ኣገባብ ክፍጸም ኣለዎ፡

ኩነታት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ወርሓዊ ጽግያትን ድሕሪ ሕርሲ ዝርከብ ምፍሳስ ደምን ከምቲ ባህርያተን ስለ ዝፈላለይን ዝረሓሓቅን ዝተፈላለየ ደረጃ ዝሓዘ እኳ ደኣ ኣብ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ኩነታት ናይ'ቲ ደምን ሕብርን ስለ ዝቀያየር ከምኡ'ውን ኣብዚ ኣርእስቲ ሕቶታት ስለ ዝበዝሐ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዒባዳ ስለ ዘሰከፈን (ንዑ ንምብርራህ ተዳልያ) ኣብ ሃይማኖትና ድማ

ኣጸጋሚ ስለ ዘየለ እዚ ንደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኩነታተን ዘጠራጥረንን፣ዘጨንቐን ኩነት፣ ጻዕሪ ዘለዎ ህጹጽ ወግዓዊ መጽናዕቲ ተጌሩ ነዚ ዘይብሩህ ዝመስል ዘጠራጥር ነገራት ንምውጋድ እዩ፣

ከምኡ'ውን ሕቶታት ወርሓዊ ጽግያት ኣዝዩ ኣገዳስነት ዘለዎ ኣርእስቲ ስለ ዝኾነ ምስኡ ዝተኣሳሰር ማእለያ ዘይብሉ፣ ውሳኔታት (ሕግታት) ስለዘለዎ ከም ጣሃራ (ንጽህና) ሰላት፣ጾም፣እዕቲካፍ ፣ ሓጅ ፣ብጽሕና ፣ከምኡ'ውን ናይ ፍትሕ ኩነታት ዕደት፣ማህጸን ካብ ጥንሲ ነጻ ምዃኑ(ጻርያ) ዝረጋገጸሉ ኩነት (እስቲብራእ) ብጀካ'ዚ ካልእ ውሳኔታት (ሕግታት) ስለ ዘለዎ እዛ ሓጻር መጽሓፍ እዚኣ ኣብ ክንዲ ምስኡ መርትዖታቱ ኣሰንዩ ዝገልጽ ብሓጺርን እኹልን ብዘየሰልክን ኣገባብ ተገሊጹ ይርከብ።

ኣብ መወዳእታ ቀንዲ መሞርከሲ ዝተገብረሎም መጻሕፍቲ ብምዝካር ተደምዲማ።

ረቢ ነቲ ዝጠርነፍን ዘንበባን ከጠቕሞ ከምኡ'ውን ንኹልና ኢኽላስን ተቀባልነትን ክህበና ከምቶም

ብኣፍልጦ ዝግዝኦም ክገብረና ይካኣሎ እዮ'ሞ ንልምኖ ኣሚን።

ጸሓፍቲ

መሃ ዓብዱላህ ኣልዓቡዲ ኑራ ሙሓመድ ኣሽትሪ

ወርሓዊ ጽግያት:-

ነቶም ፈላጣት ፊቅሂ ኣርእስቲ ወርሓዊ ጽግያት እቲ ዝበርትዐ ምዕራፍ እዩ፡ ኢማም ኣሕመድ ረሒመሁላህ ኪታብ ወርሓዊ ጽግያት ንክርዳኣኒ ትሽዓተ ዓመት ዝኣክል ወሲዱለይ ይብል።

ረቢ ሱብሓነሁ ወተዓላ ንብዙሕ ጥቅምታት'ዩ ፈጢርዎ ካብቲ ጥቅምታቱ ንህጻን ኣብ ከብዲ ኣዲኡ ከሎ ንምምጋብ ስለዝኾነ ነፍሰ ጾር ወርሓዊ ጽግያት ኣይመጻን እዩ፡ ምኽንያቱ እዚ ደም እዚ ብፍቃድ ኣላህ ብመገዲ ሕንብርቲ ኣቢሉ ናብቲ ናጽላ ይኸይድ ብሰራውር ደም ተዘርጊሑ ድማ ነቲ ናጽላ ይምግብ።

ኣብ ከብዲ ኣዲኡ ከሎ ብመግብን ብመስተን ከምገብ ኣይክልን እዩ ምኽንያቱ ኩሉ ዝበልዕን ዝሰትን ደገ ምውጻእ (ቀልቀል) ስለ ዘድልዮ ብደም ከም ዝምገብ ገይርዎ።

ገለ ፈላጥት ከም ዝዘከርዎ ሓንቲ ነፍሰ ጾር ከምቲ ልሙድ ቅድሚ ምጥናሳ ዝመጻ ዝነበረ ምስ ጠነሰት ኣቋሪጹ ጸኒሑ መሊሱ'ውን ኣብ ጥንሳ

ከላ ክመጽእ እንተጀሚሩ እዚ ናይ ጥዕና ስለ ዘይኮነ ንብዓል ሞያ ጥዕና ትወከስ፡እንተኾነ ግን ሰብ ሞያ ሕክምና ነፍሰ ጾር ወርሓዊ ጽግያት ኣይመጽኣን እዩ ብምባል ደምዲሞሞ እዮም።

*ትርጉም ወርሓዊ ጽግያት ኣብ ቃል ናይ ዓረብ ሓይዲ ይስመ ሓይዲ ምፍሳስ ማለት እዩ፡ከምቲ ንሓደ ሩባ ፈሲሱ (ሓዳ) ትብሎ፥

*ብሸሪዓዊ ኣገላልጻ ከኣ ኣብ እተወሰነ መዓልቲ ካብ ውሽጢ ማህጸን ጓል ኣንስተይቲ ዝፈስስ ተፈጥሮኣዊ ደም እዩ፥

ተፈጥሮኣዊ ኢልና ዝሰመናዮ ምኽንያቱ ሃንደበታውን ዘይጥዕናውን ምፍሳስ ደም'ውን ስለ ዘሎ ኢና፡ከምቲ ነብይ ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ናይ ሱር ደም ብምባል ዝነገርዎ እዩ፥

<u>ገደብ ዕድመ ወርሓዊ ጽግያት ዝጅምረሉን ዝውዳኣሉን፡-</u>

ኣብ'ቶም ፈላጥት ዲን (ፉቅሃእ) ገደብ ኣለዎ፡ከም ዝበሃል ፍሉጥ እዩ፡እንተኾነ ግን እቲ ዝያዳ

መርትዖ ዘለዎ ካብኡ'ውን ሽይኽልኢስላም ኢብኒ ተይሚያ ረሒመሁላህ ዝደገፎን ገደብ የብሉን፡

እንድሕር ደኣ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ እቲ ፍሉጥ ደም ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብ ወርሓዊ ጽግያት ሪኣ እዚ ወርሓዊ ጽግያት እዩ፡

ነዚ ዘረጋግጽ፡ሓፈሻዊ መርትዖ ቃል ረቢ ሱብሓነሁ ወተዓላ

وَيَسْأَلُونَكَ عَنِ المَحِيضِ قُلْ هُوَ أَذًى فَاعْتَزِلُوا النِّسَاءَ فِي المَحِيضِ وَلَا تَقْرَبُوهُنَّ حَتَّى يَطْهُرْنَ البقرة : ٢٢٢

(ኦ ሙሓመድ፡ ብዛዕባ ጽግያት ደቀንስትዮ ይሓቱኻ ኣለው፡ ጽግያት ርስሓትን ጉድኣትን ስለ ዝኾነ ኣብ ግዜ ጽግያት ካብ ኣንስትኹም ረሓቑ ክሳዕ ዝነጽሃን ዝጸርያን ውን ኣይትቕረብወን)።

መብዛሕትአን ደቂ ኣንስትዮ ድሕሪ ትሽዓተ ዓመት መሰእከላ ይጅምረን ካብኡ'ውን ኣብ መንጎ ሓምሳን ስሳ'ን ዓመት ብትከተ ጽግያት ይበጽሓ፡ግን እዚ ኣብ'ቲ መብዛሕትአን ዝረአ ደኣ እምበር ቅድሚ ትሽዓተ ዓመት ክጅምርን ካብኡ'ውን ድሕሪ ስሳ ዓመት ክቅጽልን ይኽእል'ዩ፡

## ወርሓዊ ጽግያት ዝወሓደን ዝበዝሐን ዝጸንሓሉ ግዜ ክንደይ'ዩ?

እቲ ቅኑዕ ዝወሓደን ዝበዝሐን ኢልካ ዝውሰነሉ ግዜ ገደብ የብሉን ግን ኣብ መብዛሕትኣን ደቂ ኣንስትዮ ዝረአ እቲ ዝበዝሐ ሽድሽተ ወይ ሸውዓተ መዓልቲ ዝኸውን ይጸንሕ፡እዚ ድማ ሸይኽልኢስላም ኢብኒ ተይሚያ ዝደገፎ'ዩ::

## ውሳኔታት ወርሓዊ ጽግያት

ቀዳማይ፡ወርሓዊ ጽግያት ዘለዋ ክትሰግድ (ሰላት) ሓራም እዩ፡ ተሰገደት'ውን ተቀባልነት የብሉን ክትቀድዮ(ክትክአ) ከኣ ግዴታ የብላን፡

## ምስ'ዚ ውሳኔ ዝተኣሳሰር ሕቶታት:-

ሀ) ወርሓዊ ጽግያት ከይመጸ ከሎ ኣብ ወቕቲ ናይ ሰላት ንሓደ ረከዓ ዝኣክል ግዜ ኣርኪባ ብድሕሪኡ ወርሓዊ ጽግያት ተመጺዋ እዛ ሰላት እዚኣ ትቀድያ ዶ?ንኣብነት፡-ሓንቲ ሰበይቲ ጽርይቲ ከላ ወቅቲ መቕሪብ ኣትዩ ን ሓደ ረከዓ ዘሰግድ ግዜ ምስ ሓለፈ ወርሓዊ ጽግያት እንተ መጺዋ እዚ መዓልታት ወርሓዊ ጽግያት ምስ

ወደኤት ሰላት መቕሪብ ክትቀድያ (ክትክኣ) ትግደድ ዶ?

እዛ ሕቶ ክልተ ዝተፈላለየ ርእይቶ ኣለዋ፡-

<u>ቀዳማይ ርእይቶ፡-</u> እታ ካብ ግዜ ሰላት ንሓደ ረከዓ ክስግድ ዝኽእል ግዜ ዘርከበትላ ሰላት ክትቀድያ ይግባእ ዝብል መዝሃብ ናይ ሓናቢላ ኣሎ፡ ከምኡ'ውን ሸኽ ኢ.ብኒ ዑሰይሚን ረቢ. ይርሓመሉ ውን ነዚ ርእይቶ ይድግፎ እንተ ቀደየት ይምረጽ ይብል፡

ናይ'ዚ መርትዖ ምኽንያቱ ግዜኣ ብምእታዋ ግዴታኣ ኮይና እያ ከልካሊ ስለ ዝተረኽበ ነጻ ኮይና'ዩ ማለት ኣይኮነን ይብሉ፡

<u>ካልኣይ ርእይቶ</u>፡-ካብ ግዜኣ ንሓንቲ ረከዓ ዝኣክል ዘርከበትላ ሰላት ግዴታ ኣይኮነን ክትቀድያ፡ እንተደኣ ንሓንቲ ረከዓ ክስግድ ዘኽእል ግዜ ክሳብ ዝተርፍ ኣዶንጉያታ ግን ክትቀድያ ይግባእ፡እዚ ሽይኽል ኢ.ስላም ኢ.ብኒ ተይሚያ ዝመረጾ ርእይቶ እዩ፡

ናይ'ዚ ክንብሎ ዝጸናሕና ርእይቶ መርትየ ምኽንያቱ ካብቲ ውሱን ግዜኣ ፍቑድ ዝኾነ ምዱንጓይ እያ ኣዶንጉያታ እምበር ዘጉደለቶ የብላን ካብ ረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ዝመጸ ሓዲስ ውን የለን፡ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ኣብ ግዜ ሰላት ወርሓዊ ጽግያት እንተ መጺዋ ነታ ወቅቲ ሰላት ኣርኪባትላ ዝነበረት ክትቀድያ ዘገድድ ካብ ረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ዝመጸ ሓዲስ የለን፡እዚ መረዳእታ ብሓቂ ጽኑዕ መርትየ እዩ፡ኮይኑ ግን እቲ ቀዳማይ ርእይቶ ይምረጽ፡

ለ) ወርሓዊ ጽግያት ዘለዋ ጓል ኣንስተይቲ እንተደኣ ኣብ መጨረሽታ ግዜ ናይ ሰላት ቅድሚ ምውጽኡ ንሓንቲ ረክዓ ተርክብ ግዜ ምስ ተረፎ ተጸርያ ግዴታኣ ድዩ እዛ ሰላት ክትቀድያ?

ናይ'ዚ ኣብነት ቅድሚ ጸሓይ ምውጸኣ ንሓንቲ ረክዓ ተርክብ ግዜ ምስ ተረፎ ካብ ወርሓዊ ጽግያት ተጸርያ ግድን ይኾና ሰላተል ፈጅር ክትቀድያ ምኽንያቱ ካብ'ቲ ግዜ ናይ ሰላተል ፈጅር ንሓደ ምሉእ ረክዓ ዘሰግድ ግዜ ስለ ዘርከበት፡

እንተደአ፥ኣብ መጨረሽታ ግዜ ናይ ሰላተልዓስር ወይ ኣብ መጨረሽታ ግዜ ናይ ሰላተልዒሻእ ጸርያ ሰላት ዙህር ምስ ዓስሪ ክትቀድዮ ሰላት መቕሪብ ምስ ኣልዒሻ ክትቀድዮ ይግባእ ዶ?

እዛ ሕቶ'ዚኣ ክልተ ዝተፈላለየ ርእይቶ ኣለዋ፥-

ሸይኽ ኢብኒ ዕሰይሚን ረሒመሁላህ ዝደገፎ ግን ክትቀድዮ ኣይግባእን'ዩ፥ብጀካ እታ ዘርከበትላ ሰላት ዓስሪ ወይ ኣልዒሻ ከምቲ ረሱል ዝበልዎ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም:-

(من أدرك ركعة من العصر قبل أن تغرب الشمس فقد أدرك العصر) متفق عليه

(ሓንቲ ረክዓ ካብ ዓስሪ ዘርከበ ቅድሚ ጸሓይ ምዕራባ ዓስሪ ኣርኪቡላ እዩ)፡

ረሱል ሰለላህ ዓለይሂ ወሰለም ዓስርን ዙህርን ኣርኪቡ'ዩ ኣይበሉን፥ዙህሪ'ውን ግድን'ዩ ክቀድያ ኢሎም ኣይዘከሩን።

## ካልኣይ ካብ ውሳኔታት ወርሓዊ ጽግያት

ወርሓዊ ጽግያት ዘለዋ ፈርዲ ይኹን ሱና ክትጸውም ሓራም ይኾና ተጸወመት'ውን ተቐባልነት የብሉን ግና እቲ ፈርዲ ዘይጸመቶ ክትቀድዮ ግድን'ዩ፡

ዓኢሻ ረቢ ይፍተወላ ዘማሓላለፈቶ ሓዲስ፡

(كان يصيبنا ذلك-أي الحيض- فنؤمر بقضاء الصوم ولا نؤمر بقضاء الصلاة)متفق عليه.

(ወርሓዊ ጽግያት ይመጽኣና ነይሩ ጾም ክንቀድዮ ንእዘዝ ኔርና ሰላት ግን ክንቀድዮ ኣይተኣዘዝናን)

እንተደኣ ጼማ ከላ ወላ'ውን ቅድሚ ጸሓይ ምዕራባ ብቁሩብ ግዜ ጽግያት ተመጺዋ ጾማ ፈሪሱ እዩ፡ ጾማ (ስያም) ፈርዲ ተኾይኑ እዛ መዓልቲ እዚኣ ክትቀድያ ግዴታኣ እዩ፡እንተደኣ ቅድሚ ጸሓይ ምዕራባ ቃንዛ ወርሓዊ ጽግያት ተሰሚዑዋ ዝወጸ ነገር ከኣ የለን ግን ድሕሪ ጸሓይ ምዕራቡ ወጺኡ ጾማ ትኽክል እዩ፡

ወርሓዊ ጽግያት ከለዋ ወጋሕታ ተርኪቡ ናይ'ዛ መዓልቲ እዚኣ ጾም ተቀባልነት የብሉን ወላ'ውን ድሕሪ ወጋሕታ ብውሑድ ግዜ ትጽረ፣

እንተደኣ ቅድሚ ወጋሕታ ጸርያ ግን ድሕሪ ወጋሕታ ተሓጺባ ጾማ ትኽክል እዩ ከም ጀናባ ዘለዎ ሰብ እንተደኣ ንያ ጌሩ ክጸውም፣ ግን ድሕሪ ወጋሕታ ተሓጺቡ ጾም ናቱ ትኽክል (ቅቡል) ይኸውን፣

ከምቲ ዓኢሻ ረቢ ይፍተወላ ዝበለቶ፣-

(كان النبي صلى الله عليه وسلم يصبح جُنبا من جماع ثم يصوم في رمضان) متفق عليه

(ነብይ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ብስንኪ ጾታዊ ርክብ ጀናባ ሓዲሩዎ እንከሎ ኣብ ረመዳን ይጸውም ነይሩ)።

ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ጼማ ከላ ድሕሪ ኣዛን ናይ መቕሪብ ደም ተሪኣ ግና ቅድሚ ኣዛን መቕሪብ ድዩ ወይስ ድሕሪ ኣዛን መቕሪብ ወሪዱ እንተ ዘይፈለጠት ተረጋግጸሉ ኩነታት ብዘይ ምህላው እቲ ጾማ ትኽክል እዩ፣ ርግጽ'ዩ ጽርይቲ ከም

ዝነበረት፡ እቲ ወርሓዊ ጽግያት ግን ኣብ ጥርጣሬ እዩ ዘሎ፡ ስለዚ እቲ ርጉጽ ብጥርጣረ ኣይ ለግስን እዩ፡

<u>ሳልሳይ ካብ ውሳኔታት</u>

ሀ) ወርሓዊ ጽግያት ከለዋ ሰብኣያ ስጋዊ ርክብ ክፍጽም ሓራም ይኾኖ፣

ነዚ ዘረጋግጽ መርትያ እዚ ዝስዕብ እዩ፡ቃል ኣላህ ከምዚ ይብል፡-

(وَيَسْأَلُونَكَ عَنِ الْمَحِيضِ قُلْ هُوَ أَذىً فَاعْتَزِلُوا النِّسَاءَ فِي الْمَحِيضِ وَلا تَقْرَبُوهُنَّ حَتَّى يَطْهُرْنَ) البقرة:٢٢٢

(ኦ ሙሓመድ፡ብዛዕባ ጽግያት ደቀንስትዮ ይሓቱኻ ኣለው፡ጽግያት ርስሓትን ጉድኣትን ስለ ዝኾነ ኣብ ግዜ ጽግያት ካብ ኣንስትኹም ረሓቑ ክሳዕ ዝነጽሃን ዝጸርያን ውን ኣይትቕረብወን)

ለ) ረሱል ሰለላህ ዓለይሂ ወሰለም እዛ ኣያ እዚኣ ምስ ወረደት ከምዚ ኢሎም

اصنعو كل شيء إلا النكاح

أخرجه مسلم، أي: إلا الوطء فإن فعل فهو مُستحق للإثم.

ኩሉ ነገር ፈጽሙ ብጀካ ስጋዊ ርክብ እንተደኣ ስጋዊ ርክብ ፈጺሙ ግን ዘንበኛ ኢዩ፡

እንተደኣ ሰብኣያ ስጋዊ ርክብ ፈጺሙ ዘንቢ ኣለዎ እሳ'ውን ዘንቢ ኣለዋ እንተደኣ ብፍቶታን እና ፈለጠትን ኮይና፡

ንሰብኣይ ከኣ ከፋራ( ካሕሳ) ይግበኦ እቲ ከፋራ ከኣ ዲናር ወይ ፍርቂ ዲናር (12 ርያል ወይ 6 ርያል)እዩ ነዚ ዘርጋግጸልና መርትዖ ፡

ረሱል ሰላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከምዚ ይብሉ:-

(لمن أتى حائضا: فليتصدق بدينار أو نصفه)

صححه الألباني في الإرواء(٢١٨/١)

ወርሓዊ ጽግያት ከለዋ ርክብ ንዝፈጸመ(ዲናር ወይ ፍርቂ ዲናር ሰደቃ(ትካቦ) የውጽእ፡

ከፋራ ግድነት ኣይኮነን ብጀካ ብሰለስተ ቅድመ ኩነት:-

1) ፍልጠት፡-

እና ፈለጥካ ፡-ተፈጺምካዮ ከፋራ ይግባኣካ ብዘይ ፍላጥ ተፈጺምካዮ ግን ከፋራ ኣይግባኣካን እዩ፡

2) እና ተዘከረካ፡-

እና ተዘከረካ፡- ተፈጺምካዮ ከፋራ ይግባኣካ ብምርሳዕ ተፈጺምካዮ ግን ከፋራ ኣይግባኣካን እዩ.

3) ብምርጫኻ፡-

ብምርጫኻ፡- ተፈጺምካዮ ከፋራ ይግባኣካ ብምግዳድ ተፈጺምካዮ ግን ከፋራ ኣይግባኣካን እዩ፡

*ጓል ኣንስተይቲው'ን ልክዕ ከም ሰብኣይ ከፋራ ኣለዋ እንተደኣ ብወለንተኣ ኮይኑ፡

ሰብኣይ ንሰበይቱ ብዘይ ስጋዊ ርክብ ክድሰተላ ለቢሳን ከይ ለበሰትን ክድሰተላ ፍቁድ'ዩ፡

ምኽንያቱ ረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ንዓኢሻ ረቢ ይፍተወላ፡-

كان يأمر عائشة رضى الله عنها أن تتزر فيباشرها وهى حائض.

ጽግያት ከለዋ ክትለብስ እሞ ክቀርባ ምእንቲ ይእዝዛ ነይሩ፡

## ራብዓይ ካብ ውሳኔታት ወርሓዊ ጽግያት

ወርሓዊ ጽግያት ዘለዋ ኣብ መስጊድ ክትኣቱ ኣትያ ኮፍ ክትብልን ኣብ ካዕባ ጠዋፍ ክትገብርን ኣይፍቀዳን እዩ፡

ረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከምዚ ስለ ዝበሉ:-

(ويعتزل الحُيضُ المصلى) وقوله:(اصنعي مايصنع الحاج غير ألا تطوفي بالبيت) متفق عليه.

(ወርሓዊ ጽግያት ዘለወን ካብ መስገዲ ይታኣለያ) ከምኡ'ውን ከምዚ ይብሉ(እቲ ሓጃጂ ዝፍጽሞ ኩሉ ነገር ፈጽሚ ጠዋፍ ግን ኣይትግበሪ)፡

ግን ዝኾነ ጉዳይ እንተሃሊዋ ብማእከል መስጊድ ክትሓልፍ ይፍቀዳ'ዩ፡.

## ሓሙሻይ ካብ ውሳኔታት ወርሓዊ ጽግያት

ወርሓዊ ጽግያት ዘለዋ ብዘይ መከላኸሊ(ጓንቲ ወይ ጨርቂ) ቁርኣን ክትሕዝ ኣይ ፍቀዳን እዩ፡

ቁርኣን ክትቀርእ ግን ዑለማእ ዝተፈላለየ ርእይቶ ኣለዎም፡ እቲ ቅኑዕ ድማ ክትቀርእ ይፍቀዳ እዩ ግን ቁርኣን ክትሕዝ ኣይፍቀዳን እዩ፡

ረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከምዚ ስለ ዝበሉ:-

(اصنعي مايصنع الحاج غير ألا تطوفي بالبيت) متفق عليه

(እቲ ሓጃጂ ዝፍጽሞ ኩሉ ነገር ፈጽሚ ጠዋፍ ግን ኣይትግበሪ)

ከምቲ ዝፍለጥ ቁርኣን ምቅራእ ኩሉ ሓጃጂ ብተገዳስነት ዝርእዮ ጉዳይ እዩ ወርሓዊ ጽግያት ዘለዋ ክልክልቲ ነይራ ተትኽውን ነብይ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ምገለጽዎ ነይሮም፡

እዚ ካኣ ሸይኽልኢስላም ኢብኒ ተይሚያ ረሒመሁልላህ ዘረጋገጸ'ዩ ይብል፡ኣብ ግዜ ነብይ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ደቂ ኣንስትዮ ወርሓዊ ጽግያት ይመጽኣን ነይሩ ቁርኣን ክቀርኣ ሓራም ተዝኸውን ከም ሰላት ነብይ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰልም ነዚ'ውን መብርህዎ ነይሮም፡

ምኽንያቱ ኣብቲ ግዜኦም ዝኾነ ገዛ ካብ ወርሓዊ ጽግያት ዘለዋ ጓል ኣንስተይቲ ነጻ ኣይነበረን፡ካብ ቁርኣን ምቅራእ ዝኽልክላ ዝመጸ ሓዲስ የለን ብዘይካ ክልተሓዲስ እሰን'ውን ደዒፋት እየን፡ነዚ ነገር እዚ ዝኽልክል ትኽክል ዝኾነ ሓዲስ ካብ ዘየለ፡ቁርኣን ክትቀርእ ሓራም ዝገብሮ ነገር የለን፡ 1

<u>ሻድሻይ፡ ወርሓዊ ጽግያት ዘለዋ ጠዋፈል ወዳዕ ኣይምልከታን፡</u>

ሓጅን ዑምራን ምስ ፈጸመት ወርሓዊ ጽግያት ተመጺዋ ቅድሚ ንዓዳ ምኻዳ ክሳብ ካብ መካ ትወጽእ ተቀጺሉ ብዘይ (ጠዋፍ ወዳዕ) መሰናበቲ ጠዋፍ ትወጽእ፡

ካብ ኢብኒ ዓባስ ረቢ ይፍተወሉ ዝተማሓላለፈ ሓዲስ ክምዚ ይብል፡-

( أمر الناس أن يكون آخر عهدهم بالبيت إلا أنه خفف عن المرأة الحائض) متفق عليه

( ሰባት ናይ መጨረሽታ ውዕሎም ጠዋፍ ኣብ ካዕባ ክኸውን ተኣዚዞም ወርሓዊ ጽግያት ዘለዋ ጓል ኣንስተይቲ ግን ተሸላሺሉላ)

ሻውዓይ ካብ ውሳኔታት

ሰብኣያ ወርሓዊ ጽግያት ከለዋ ክፈትሓ ኣይፍቀድን ኣላህ ከምዚ ይብል፡-

(يَا أَيُّهَا النَّبِيُّ إِذَا طَلَّقْتُمُ النِّسَاء فَطَلِّقُوهُنَّ لِعِدَّتِهِنَّ ]

{الطلاق:١} أي: طاهرات من غير جماع،

(ኦ ኣንታ ነብይ ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም እንተደኣ ነንስቲ ፈቲሕኩምወን ኣብቲ ካብ ጽግያተን ዝነጽሃሉ መዓልታት ስጋዊ ርክብ ከይፈጸምኩም ፍትሕወን).

ማለት ጽሩያት ከለዋ ብዘይ ስጋዊ ርክብ፡ ነብይ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ሰበይቱ ወርሓዊ ጽግያት እንከለዋ ንዝፈተሐ ክመልሳ ደሓር ተደልዩ ኣብ ንጽህና ከላ ክፈትሓ ኣዚዘምዎ።

ሻሙናይ ካብ ውሳኔታት:-

ውሳኔ ብጫን ቡኒ ጠቃር ካብ ቦታ ናይ ወርሓዊ ጽግያት ዝወጽእ፡

*ቀዳማይ/ ቅድሚ ወርሓዊ ጽግያት ዝረአ ብጫን ቡኒ ጠቃርን፦

ገለ ዑለማእን ሰብ ሞያን ይብሉ ብጫን ቡኒ ጠቃርን ተኸታሊ ናይቲ ብቅድሚኡ ዝነበረ እዩ፡

ብቅድሚኡ ጽሬት ተነይሩ ውሳነ ናይ ጽሬት ኣለዎ

ብቅድሚኡ ወርሓዊ ጽግያት ተነይሩ ውሳነ ወርሓዊ ጽግያት ኣለዎ፣እንተደኣ ቅድም ብጫ ወይ ቡኒ ጠቃር ምስረኣየት ብድሕሪኡ ድማ ግልጺ ዝኾነ ደም ተሪኣ ወርሓዊ ጽግያት ካብቲ ደም ዝውረደሉ እዩ ዝሕሰብ፡ ምኽንያቱ ብመሰረቱ ካብቲ ብጫን ቡኒ ጠቃር ዝረኣየትሉ ኣይኮነን ዝሕሰብ እታ ጓል ኣንስተይቲ ጽርይቲ እያ ዘላ ካብቲ መሰረታዊ ነገር ኣይንወጽእን ኢና ክሳብ ብርግጽ ደም ንርእይ፣ምኽንያቱ ቅድሚ ወርሓዊ ጽግያት ብጫን ቡኒ ጠቃርን ምውራዱ ብፍላይ ከኣ ንሓደ መዓልትን ካብኡ ንላዕልን ተቀጺሉ እዚ ባህሪያዊ ኩነት ኣይኮነን ምኽንያታት ኣለዎ ከም ረኽሲ ብልዕቲ ወይ ጉድለታት ኣብ ሄርሞናት ናይ ማህጸን ወይ'ውን ካብ ምጥቃም መከላኸሊ ጥንሲ

ከም ከኒና ለውለብ (መኸንትቦ) ዝኣምሰሉ ጠንቂ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም ፡

እዚ ከኣ እቲ ቅኑዕ ክይኮነ ኣይተርፍን እዩ፡ እንተደኣ ብጫን ቡኒ ጠቃርን ኣብቲ ወርሓዊ ጽግያት ክመጽኣሉ ኢላ ትጽበየሉ ክምኡ'ውን ክምቲ ንመብዛሕተአን ደቂ ኣንስትዮ ዝስመዐን ቃንዛ ወርሓዊ ጽግያት ተሰንዩ መጺኡ እዚ ወርሓዊ ጽግያት እዩ፡ከምኡ ተዘይ ኮይኑ ግን ጽርይቲ እያ ዘላ ምኽንያቱ ቅድሚ'ዚ ብጫን ቡኒ ጠቃርን ኣብ ንጽህና ስለ ዝነበረት እሱ ከኣ ተኸታሊ ናቱ እዩ፡

*ካልኣይ/ ብጫን ቡኒ ጠቃርን ድሕሪ ወርሓዊ ጽግያት፡-

ብጫን ቡኒ ጠቃርን ምስ ወርሓዊ ጽግያት ተሓዊሱ ወይ ኣብቲ ወርሓዊ ጽግያት ዘለዎ ግዜ ተመጺኡ እዚ ምስ ወርሓዊ ጽግያት'ዩ ውሳኒኡ፡ እንተደኣ ብጫን ቡኒ ጠቃርን ምስ ጸረየት ወይ ኣብቲ ንጽህና ዘላቶ ግዜ ተመጺኡ ግን ወርሓዊ ጽግያት ኣይኮነን፡

<u>ታሽዓይ ካብ ውሳኔታት፡-</u>

ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ካብ ወርሓዊ ጽግያት ከም ዝጸርየት ብኸመይ ትፈልጥ?

ብኽልተ ነገራት ክትፈልጥ ትኽእል፡-

1) ጻዕዳ ፈሳሲ፡- ካብ ማህጸን ዝወጽእ እንተደኣ ርእያ፡

2) ምንቃጽ፡- ብጨርቂ ወይ ብጡጥ; ደሪዛቶ ጹሩይ ተወጺኡ ጸርያ ኣላ ማለት'ዩ፡እንተደኣ ሕብሪ ናይ ደም ዝመስል ሒዙ ወጺኡ ግን ገና ኣብ ወርሓዊ ጽግያት እያ ዘላ፡

<u>ዓስራይ ካብ ውሳኔታት፡-</u>

ኣብ ግዜ ወርሓዊ ጽግያት ከላ ሓንቲ መዓልቲ ደም ርእያ ሓንቲ መዓልቲ ወይ ፍርቂ መዓልቲ ከኣ ተጸርያ ጸርያ ኣይትበሃልን እያ፡ ሓንቲ ወይ ፍርቂ መዓልቲ ምስ ምጽራይ ኣይቁጸርን'ዩ፡ ምኽንያቱ ብልምደን ደቂ ኣንስትዮ ንሓደ መዓልቲ

ወይ ንሓደ ለይቲ ይነቅጽ እዩ ኣብዚ ግዜ እዚ ጸሬየ፡ ኣለኹ ክትብል ኣይትኽእልን'ያ ደም

ንኽወርድ ክትከታተሎ ኣለዋ፡ እንተደኣ እዚ ልሙድ ተርእዮ ኸይኑ ውሳነ ናይ'ቲ ጽሬት ርእያትሉ ዝወዓለት መዓልቲ ምስ ወርሓዊ ጽግያት'ዩ፡ ስለዚ ክትሕጸብን ሰላት ክትሰግድን ኣይትግደድን'ያ፡ ንሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ከባቢ ዕስራ ሰዓት ዝኸውን ነጺሃትሉ ዝወዓለት ምስ ምጽራይ ኣይቁጸርን እዩ ምኽንያቱ እዚ ልሙድ ተርእዮ ደቂ ኣንስትዮ እዩ፡

ነዚ ዝድግፍ ዘረባ ዓኢሻ ረቢ ይፍተወላ;-

إذا أحضرن لها الكرسف (القطن) لتراها هل طهرت المرأة أو لا، فتقول:(لاتعجلن حتى ترين القصة البيضاء)أخرجه البخاري معلقا، أي:لاتغتسلن ولاتصلين حتى ترين القصة البيضاء.

ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ጡጥ ሒዘን ጸርየን ዶ ኣይጸረያን ንኽትሪኣለን እንተ መጺኣን (ኣይትተሃወኺ ክሳብ ጻዕዳ ፈሳሲ ትርእያ) ትብለን ነይራ፡

ማለት ኣይትተሓጸባ ኣይትስገዳ ክሳብ ጻዕዳ ፈሳሲ ትርእያ፡

ዓሰርተ ሓደ፡-

ዝውሓደ ጽሬት ኣብ መንጎ ክልተ ወርሓዊ ጽግያት፡-

ብርግጽ ውሱን ኣይኮነን እቲ ዝያዳ መርትዖ ዘለዎ ግን እቲ ጉዳይ ናብታ ጓል ኣንስተይቲ ይምልከት ንኣብነት ንሸውዓተ ወይ ዓሰርተ መዓልቲ ጸርያ ትጸንሕ መሊሱ ድማ ከምቲ ልማዳ ወርሓዊ ጽግያት ይመጽኣ፡እዚ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ መጀመርያ ብጽሕና (ብሉቕ) ይረአ፡ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ወርሓዊ ጽግያት መጺዋ ወይ ድማ ምስ ጸረየት መሊሳ ድሕሪ ገለ መዓልታት ደም ተሪኣ እዚ ደም እዚ ወርሓዊ ጽግያት'ዩ ዝብል ጥርጣረ እንድሕር ኣለዋ ብጨንኡ ወይ ብሕብሩ በቲ ጥርጣሪኣ ትኸይድ ኣብ ከምዚ ዝመሳሰል ኩነታት በቲ ዝገመተቶ ምኽድ ኣብ ሸሪዓ ቅቡል እዩ፡

ዓሰርተ ኽልተ፤

ዝያዳ ወይ ጎደሎ ወርሓዊ ጽግያት ካብቲ ልምዲ ጓል ኣንስተይቲ፡-.

ንኣብነት ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ልምዳ ሓሙሽተ መዓልቲ ይኸውን ካብቲ ልምዳ ንላዕሊ ሸውዓተ ወይ ሸሞንተ ተኸይኑ ወይ'ውን ጎዲሉ ኽልተ መዓልቲ ይኸውን፡ እቲ ተወሳኺ ክልተ ወይ ሰለስተ መዓልቲ ተኸይኑ ወርሓዊ ጽግያት እዩ፡ እንተደኣ ብዙሕ መዓልታት ኮይኑ ግን ግልጺ ተኸይኑ ክንፈላልዮ ክንክእል ኣለና፡ እንተደኣ ምፍላይ ሲእናዮ ግን ናብ ሰብ ሞያ ሕክምና ክንውከስ ኣለና ፡ምኽንያቱ እቲ ዝያዳ መዓልታት ምስ ሕማም ተኣሳሰረ ክይከውን በቲ ሰብ ሞያ ሕክምና ዝውስንዎ ዘይጥዕናዊ ኩነታት (ዘይልሙድ መድመይቲ) ተባሂሉ ይውሰን፡እቲ ዝያዳ ካብ ወርሒ ንላዕሊ ብዘይ ምቁራጽ እንተ ቀጺሉ ምስ ሙስተሓዳ (ዘይልሙድ መድመይቲ ዝደመየት) ትቁጸር፡

እንተደኣ ቅድሚ እቲ ልሙድ መዓልታት ተጸርያ ግን ጽርይቲ እያ ትሰግድ ትጸውም፡

መዘኻኸሪ ሕቶታት ዝበዝሑን ነጥብታት፡-

*ብዘይ ወርሓዊ ጽግያት ካብ ማህጸን ዝወጽእ ጸዕዳ ወይ ብጫ ፈሳሲ ጽሩይ (ንጹህ) እዩ፡ እታ ጓል

ኣንስተይቲ ካብዚ ውዱእ ኣይትገብርን እያ እቲ ናቱ ኣሰር ክትሓጽቦ ው'ን ኣይትግደድን እያ።ንሱ ልክዕ ከም ካብ ዓይኒ ፤እዝኒ፤ኣፍንጫ ዝወጽእ ፈሳሲ እዩ ከምቲ ገለ ፋቀሃእ ዝብልዎ ምትርካስ ብልዕቲ ጓል ኣንስተይቲ እዩ፣

መብዛሕትኡ ግዜ ጓል ኣንስተይቲ ካብዚ ነጻ ኣይትኸውንን እያ፣(1)

_ብቅድሚት ብልዕቲ ጓል ኣንስተይቲ ዝወጽእ ንፋስ ውድእ ኣየፍርስን እዩ፣

---

1)እዚ ብጫ ወይ ቡኒ ጠቃር ኣብ መጨረሽታ ምስ ወርሓዊ ጽግያት ተታሓሒዙ ዝመጽእ ኣይኮነን፣.

ሕክምናዊ መግለጺ ጻዕዳ ፈሳሲታት ኣዝዩ ባህርያዊ ኩነት'ዩ ሓደ ሓደ ግዜ'ውን ናብ ብጫ ዝዘንበለ እዩ፣.እዚ ከኣ ካብ ክሳድ ማህጸንን ብልዕቲ ጓል ኣንስተይትን ዝወጽእ ፈሳሲ'ዩ ጠቃምን ኣገዳስን ዝኾነ ስራሕ ኣለዎ ንሱ ከኣ ውሽጣውን ግዳማውን ስርዓተ መፍረ ምትርካስ ከምኡ'ውን ካብ ርሳሓትን ዘይንጹህ ነገራትን ተናግፎ ብተውሳኺ ፍሉይ ደረጃ ኣሲድ ንምዕቃብ ረኺሲ fungus (ዕሲ') ባክተርያን ካልእን ንኸይርከብ ዝከላኸል እዩ፣ካብ መጽሓፍ ተሳኡላት ሓኢራ ገጽ (164).

*ደም ሕርሲ ወይ ወርሓዊ ጽግያት ዘለዋ ቅድሚ ምጽራያ ኣልእስቲኻራ(ሓዲሉንምምራጽ ዝስገድ ሰላት ) ክትሰግድ ስለ ዘይትኽእል እሞ ዝኾነ ነገር ክሓልፈኒ እዩ እንተደኣ ኢላ እታ ዱዓ ናይ እስቲኻራ ብዘይ ሰላት ክትብላ ትኽእል እያ፡

* ሓራስ ወይ ወርሓዊ ጽግያት ዘለዋ ሱጁድ ቲላዋ ወይ ሱጁድ ሹክር ክትሰግድ ይፍቀዳ እዩ፡ ምኽንያቱ እዚ ስጁድ እዜእን ጣሃራ (ንጽሃት) ክህልዋ ኣለዎ ዝብል ቅድመ ኩነት የለን እዚ ከኣ እቲ ዝያዳ መርትዖ ዘለዎ ቃል ናይ ዑለማእ እዩ፡

ውሳነ፡ ወርሓዊ ጽግያት ንኽይመጽእ ዝውሰድ ከኒና፡-

እንተደኣ ጎዳኢ ምኳኑ ተረጋጊጹ ክትወስዶ ኣይፍቀድን'ዩ፡ብፍላይ እኳ ኣገዳሲ ነገር እንተዘይሃሊዎ ክውሰድ የብሉን ፡ከምቲ ገለ ደቂ ኣንስትዮ ዝገብረኦ ወርሓዊ ጽግያት ኣብ ረመዳን ንኽይመጽእን ምእንቲ ክጾማ ዝጥቀማ ኣለዋ፡ እዚ ወርሓዊ ጽግያት ንደቂ ሄዋን ረቢ ዝኸተቦ ስለ ዝኾነ ጓል ኣንስተይቲ እንተ መጽኣ ተፍጥር (ትበልዕ) በቲ ረቢ ዝኸተበላ ከኣ ክትረድይ ኣለዋ፡

ድሕሪ ረመዳን ከኣ ትቀድዮ(ትጾሞ) ብኽምዚ ንነብሳ ትሕሉ ነቲ ወርሓዊ ጽግያት ድማ ካብ ምዝንባል ተድሕን፡

ከም ሓጅን ዑምራን ክትፍጽም ተደልያ ይፍቀደላ'ዩ ክበሃል ይከኣል፡

ምኽንያቱ መብዛሕትኡ ግዜ መሰነይታ ስለ ዘለዋ ነቶም መሰነይታኣ ዕንቅፋት ክትኮኖም ስለ ትኽእል ወይ'ውን ካልእ ግዜ መካ ተመሊሳ እቲ ዝተረፋ ክትምልኦ ስለ ዘይትኽእል እዚ ከኒና እዚ ሰብ ሞያ ብምሕታት ክትወስዶ ትኽእል፡

<u>ምድህሳስ ንጽህና (ካብ ጽግያት)፡-</u>

ገለ ካብቶም ቀዳሞት ዝሓለፉ ይብሉ፡ጓል ኣንስተይቲ ግድን ኣይኮነን ጽሬታ (ንጽህናኣ) ብለይቲ ክትድህስስ ደስ ውን ኣይብለንን እቶም ቀዳሞት ዝነበሩ ኣብ ለይቲ መብራህቲ ስለ ዘይነበሮም እተን ደቂ ኣንስትዮ ጸርየንን ኣይጸረያን ኣይድህስሳን እየን ነይረን፡ዓኢሻ ረቢ ይርደየላ ዝበለቶ ክትድቅስ ተደልያ ወይ'ውን ንሰላት

ኣሱብሒ ተተሲኣ ኣብ ግዜ ሰላት ክትርእዮ ኣለዋ ብለይቲ ክትድህስስ ግን ዝጸንሐ ስራሕ ኣይኮነን፡

<u>ኣልኢስቲሓዳ (ዘይልሙድ መድመይቲ)</u>

ዘይልሙድ መድመይቲ፡-ካብ ዓዝል ዝተባህለ ሱር ክም መድመይቲ ኣብዘይ ግዚኡ ዝውሕዝ ደም'ዩ፡.

ሙስተሓዳ (ዘይልሙድ መድመይቲ ዝደመየት)፤ ጉዳያ ኣጸጋሚ እዩ ምኽንያቱ ወርሓዊ ጽግያትን ደም እስቲሓዳ (ዘይልሙድ መድመይትን) ተመሳሳልነት ስለ ዘለዎም፡

ሙስተሓዳ (ዘይልሙድ መድመይቲ ዝደመየት) እንታይ ክትፍጽም ኣለዋ?

1)ድሕሪ ወርሓዊ ጽግያት ክትሕጸብ፡.

2)እቲ ቦታ ወርሓዊ ጽግያት ክትሓጽቦ መከላኸሊ ክም (ጨርቂ ንጽህና) ክኣ ክትለብስ፡

3)ግዜ ሰላት ምስ ኣተወ ውዱእ ክትገብር ነቲ ዝነጠቦ ኣብ ክዳና ክትሓጽብ፡

## ሙስተሓዳ (ዘይልሙድ መድመይቲ ዝደመየት) ሰለስተ ኩነታት ኣለዋ፤

*ቀዳማይ ኩነት፤ቅድሚ እስቲሓዳ (ዘይልሙድ መድመይቲ) ከየጋጠማ ከሎ ፍሉጥን ስሩዕን ጽግያት ዝነበራ ንኣብነት ወርሓዊ ኣብ መጀመርያ ወርሒ ወይ ኣብ መንጎ ንሓሙሽተ ወይ ን ሸሞንተ መዓልቲ፣ትፈልጦ ልምዳን ግዜኣን ናይ ጽግያት ይጸንሕ ተነይሩ፣ ድሕሪ ናይ ዘይልሙድ መድመይቲ ከምታ ልምዳ ዝነበራ መዓልታት ወርሓዊ ጽግያት ይሕሰበላ፡ እዘን መዓልታት ምስ ወደኣት ትሕጸብ ትሰግድ፡ እቲ ዝተረፈ ደም እስቲሓዳ ይቁጸር፡

ምኽንያቱ ረሱል ሰለላህ ዓለይሂ ወሰለም ንኡም ሓቢባ ረቢ ይርደየላ፡

(امكثي قدر ما كانت تحبسك حيضتك ثم اغتسلي وصلي)

رواه مسلم

(ክንድ'ተን መዓልታት ጽግያትኪ ዝሕዛኺ ዝነበራ ጽንሒ ብድሕሪኡ ተሓጸቢ ስገዲ) ኢሎም፡

*ካልኣይ ኩነት፤ፍሉጥ ልምዲ ዘይብላ (መዓልታ ዘይትፈልጥ) ግን እቲ ደማ ፍሉይ ተኾይኑ ገለ መግለጺ ወርሓዊ ጽግያት ዘለዎ ጸሊም፥ሓፊስ፡ ጨና ዘለዎ እቲ ካልእ ከኣ መግለጺ ወርሓዊ ጽግያት ዘይብሉ ቀይሕ ኮይኑ ጨና ዘይብሉ ሓፊስ ውን ዘይኮነ ኣብ ከምዚ ኩነታት እዚ እቲ መግለጺ ወርሓዊ ጽግያት ዝሓዘ ወርሓዊ ጽግያት'ዩ፡ እቲ ካልእ ግን እስቲሓዳ (ዘይልሙድ መድመይቲ) ይሕሰብ ኣብ እቲ መጨረሽታ ናይ'ቲ መግለጺ ወርሕዊ ጽግያት ሒዙ ዘሎ ምስ ወደአት ተሓጺባ ትሰግድ ትጸውም ፡

ምኽንያቱ፡ረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ንፋጥማ ቢንት ኣቢ ሑበይሽ ዝበልዋ:-

(إذا كان دم الحيض فإنه أسود يعرف فأمسكي عن الصلاة،فإذا كان الآخر فتوضئي وصلي فإنما هو عرق)

أخرجه ابو داود والنسائي وحسنه الألباني

(ደም ወርሓዊ ጽግያት ተኾይኑ ፍሉጥ ጸሊም እዩ ካብ ሰላት ጠጠው በሊ ካልእ ተኾይኑ ግን ውዱእ ጌርኪ ስገዲ ካብ ሱር ዝወጽእ ደም እዩ)

*ሳልሳይ ኩነት፤እንተደአ ፍሉጥ ልምዲ ዘይብላ ከምኡ'ውን ወርሓዊ ጽግያት ድዩ ካልእ ደም ክትፈልዮ ተዘይኪኢላ፣ ኣብ ከምዚ ኩነታት ወርሒ ወርሒ ሽዱሽተ ወይ ሸውዓተ መዓልቲ ኮፍ ትብል (ከይሰገደት ትጸንሕ) ምኽንያቱ መብዛሕተአን ደቂ ኣንስትዮ ልሙድ መዓልተን ከምኡ ስለ ዝኾነ፣

ረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ንሓምና ቢንት ጃሕሽ ከምዚ ስለ ዝበልዋ፡-

(إنما هى ركضة من الشيطان فتحيضي ستة أيام أو سبعة ايام في علم الله ثم اغتسلي فاءذا رأيت أنك قد طهرت واستنقات،فصلي أربعة وعشرين ليلة أو ثلاثة وعشرين ليلة وأيامها وصومي وصلي، فإن ذالك يجزئك ، وكذلك فافعلي كما تحيض النساء) رواه البخاري.

እዚ መርጋሕቲ ናይ ሸይጣን ስለ ዝኾነ ሽድሽተ ወይ ሸውዓተ መዓልቲ ከም ጽግያት ውሰድዮ ብድሕሪኡ ጸርየ ነጺሀ እየ እንተ ኢልኪ ተሓጺብኪ ዕስራን ኣርባዕተን ለይቲ ወይ ዕስራን ሰለስተን ለይትን መዓልትን ክትሰግድን ክትጸውምን ትኽእሊ ከምኡ'ውን ከምተን ጽግያት ዝመጽአን ደቂ ኣንስትዮ ዝፍጽመኦ ከምኡ ፈጽሚ፣

ብሓፈሻ፡-እታ ፍሉጥ ልምዲ ዘለዋ ከም ልምዳ ፡

እታ ክትፈላልይ ትኽእል ድማ ብምፍልላይ፡-

እታ ፍሉጥ ልምዲ ዘይብላ ክትፈላልዮ'ውን ዘይትኽእል ከኣ ከምቲ ልምዲ ናይ መብዛሕተኣን ደቂ ኣንስትዮን ቤተ ሰባን ሽዱሽተ ወይ ሸውዓተ መዓልቲ ትቆጽር።

ውሳኔ ናይ ሙስተሓዳ(ዘይልሙድ መድመይቲ ዝደመየት)፡-ሰላት ግዴታኣ እዩ ሰላታ ውን ትኽክል እዩ ክትጾውም ከኣ ይግባኣ፡ናይ በዓልቲ ጽግያት ውሳኔ የብላን ሰብኣያ'ውን ኣይክልከላን እዩ፡ ብልዕታ ክትሓጽቦ ትግደድ ኣብ ኩሉ ሰላት ከኣ ውዱእ ክትገብር ይግባኣ፡

ነብይ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ንፋጢማ ቢንት ሑበይሽ ከምዚ ስለ ዝበልዋ፡-

(اغسلي عنك الدم وصلي)

(እቲ ደም ሓጺብኪ ስገዲ)

<u>መዘኻኸሪ፡</u>

ተጥቡ ኣደ ቁሩብ ደም ተወሪድዋ ካብ ለይትን መዓልትን ዝውሕድ እዚ እስቲሓዳ(ዘይልሙድ መድመይቲ) እዩ።

እንተደኣ መከላኸሊ ጥንሲ ከኒና ትወስድ ነይራ ሓንቲ መዓልቲ ከኣ ረሲዓ እንተዘይ ወሰደት ካብ ሓንቲ መዓልትን ለይትን ዝውሕድ ደም ወይ ድማ ብጫ ወይ ቡኒ ጠቃር ድሕሪ ምርኣያ መሊሳ ከኒና ምውሳድ እንድሕር ቀጺላቶ እቲ ደም ተልጊሱ (ተቋሪጹ) እዚ እስቲሓዳ (ዘይልሙድ መድመይቲ) እዩ፡ ግን እንተደኣ እቲ ደም ካብ ሓደ መዓልትን ለይትን ቀጺሉ እዚ ወርሓዊ ጽግያት እዩ።

መከላከሊ ጥንሲ ከኒና ወሲዳ ድሕሪ ሰሙን ወይ ዓሰርተ መዓልቲ ምስ ወሰደት ተቋሪጻቶ ደም ተወሪዱ እዚ ወርሓዊ ጽግያት እዩ፡

_ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ነብሳ እንተደኣ ኣድኪማ ከቢድ ብምልዓል ወይ ብመኪና ኣብ ሓጎጽጎጽ ዘለዎ መ'ንገዲ ተተጓዒዛ ወይ'ውን ኣቁጽልቲ

ብምብላዕ ኣብዘይ ግዜ ወርሓዊ ጽግያት ደም ተመጺዋ ብሕብሩን ብጨንኡን ዝፍለይ ንወርሓዊ ጽግያት ዘይመስል ተኾይኑ እዚ እስቲሓዳ (ዘይልሙድ መድመይቲ) እዩ፣

_ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ምስ ጸረየት ድሕሪ ሰለስተ፣ኣርባዕተ፣ሓሙሽተ መዓልቲ ወይ'ውን ክሳብ ሰሙን እንተደኣ ነጠብጣብ ናይ ደም ሪኣ እዚ ነጠብጣብ ደም እዚ እስቲሓዳ (ዘይልሙድ መድመይቲ) እዩ ዝቑጸር፣ ምኽንያቱ እዚ ግዜ እዚ ኣብ መብዛሕትኡን ደቂ ኣንስትዮ ግዜ ምፍራይ እንቋቑሖ እዩ፣

<u>ካብ ለውለብ(መኸንትቦ) ዝወጽእ ደም፡-</u>

ለውለብ ኣብ መጨረሽታ ወርሓዊ ጽግያት እዮም ዘትሕዝዎ ምስ ምትሓዝ ለውለብ ተቃሓሒዙ ዝመጽእ ክኣ ካብ ሓደ ክሳብ ሰሙን ዝኸውን ምውራድ ደም የኸትል ምኽንያት መውረዲ ናይ'ዚ ደም ክኣ ነቲ ለውለብ ከትሕዝዎ ከለው ንክሳድ ማህጸን ወይ ነቲ ማህጸን ባዕሉ ስለ ዝጭንድሕዎ እዩ፣ በዚ መሰረት ክኣ ለውለብ ድሕሪ ምእታው

ዝወርድ ደም እስቲሓዳ (ዘይልሙድ መድመይቲ ) እዩ፣

ምስ ምትሓዝ ለውለብ (መኸንትቦ) ኣብተን ሲዒበን ዝመጽእ ወርሓዊ ጽግያት መብዛሕትኡ ግዜ እቲ ደም ካብቲ ልሙድ ግዚኡ ኸልተ ወይ ሰለስተ መዓልቲ ይውስኽ ካብኡ ንላዕሊ'ውን ክውስኽ ይኽእል እዩ ፣ብፍላይ እኳ ኣብተን ቀዳሞት ሰለስተ ወርሒ ድሕሪ ምትሓዝ ለውለብ እዚ ክእ በቲ ኣብ ማህጸን ተረኺቡ ዘሎ ምቅይያራት ብምኽንያት ባዕዳዊ ኣካል ለውለብ እዩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ካብቲ ልምዳ ዝዛየደ ወርሓዊ ጽግያት ይሕሰብ፣ ልዕሊ ልምዲ እቲ ደም ተቀጺሉ ንወርሒ ተቀራሪቡ እስቲሓዳ እዩ ዝቐጸር፣ከምኡ'ውን ምስኡ ተኸቲሉ ቅድሚ ወርሓዊ ጽግያት ምምጽኡ ለውለብ ኣብ ተትሕዘሉ እዋን ምውራድ ቡኒ ጠቃር ፈሳሲ ኸልተ መዓልቲ ቅድሚ ወርሓዊ ጽግያት ክውስኽ ወይ ክጎድል ይኽእል እዚ'ውን እስቲሓዳ (ዘይልሙድ መድመይቲ) እዩ ዝቐጸር፣

_ሄርሞናዊ ለውለብ (መኸንትቦ) ልዑል ዓቐን ሄርሞን ፕሮጀስትሮን (progestron) ኣብ ማህጸን ኣብ ዝጸንሓሉ እዋን ኣብ ውሽጣዊ ኣካል ማህጸን ምህመና ወይ ድኽመት የምጽእ ፣ኣብዚ ግዜ'ዚ ወርሓዊ ጽግያት ኣይወርድን እዩ ግና ምስ ሄርሞናዊ ለውለብ ተሰንዩ ዝመጽእ ምውራድ ንጣብ ደም እዚ እስቲሓዳ ይቖጸር፡ ጠንቁ ከኣ ልዑል ዓቐን ፕሮጀስትሮን (progestron) እዩ፡

<u>ድሕሪ ሕርሲ ዝፈስስ ደም</u>

መግለጺኡ፡-ብምኽንያት ምውላድ (ሕርሲ) ማህጸን ዝሰዶ ደም ምስ ሕርሲ ወይ ድሕሪኡ ወይ ቅድሚ ሕርሲ ብኽልተ ሰለስተ መዓልቲ ምስ ቅልውላው ሕርሲ ዝፈስስ ደም'ዩ።

ውሳኔ ናይ ሓራሳት፡- ኣብ ሓላልን ሓራምን ልክዕ ከም ወርሓዊ ጽግያት ዘለዋ እያ፡

ሓራስ ኣብዘን ዝስዕባ ውሳኔታት ካብ ወርሓዊ ጽግያት ትፈላለይ፡-

1) <u>ኣብ ዒዳ'</u>፡- ወርሓዊ ጽግያት ካብ ዒዳ' ይሕሰብ ሕርሲ ግን ካብ ዒዳ ኣይሕሰብን'ዩ ብምሕራሳ እቲ ዕዳኣ ይፍጸም እዩ፡

2) <u>ብጽሕና</u>፡-ወርሓዊ ጽግያት ምልክት ናይ ብጽሕና እዩ ሕርሲ ግን እቲ ብጽሕና ይቅድሞ እዩ፡

3) <u>ፍትሕ</u>፡-ወርሓዊ ጽግያት ከለዋ ፍትሕ ሓራም እዩ፡ሓራስ ከላ ክፈትሓ ግን ፍቑድ እዩ፡

<u>ሓራስ ትጸንሓሉ ግዜ፡-</u>

እዚ ጉዳይ እዚ ኣብ ዑለማእ ዝተፈላለየ ርእይቶ ኣለዎ፡ ግን መብዛሕትኡ ኣርባዓ መዓልቲ ዝብል እዩ፡ግና ቅድሚ ኣርባዓ መዓልቲ ጸርያ እቲ ደም ጠጠው እንተ ኢሉ ከምተን ንጹሃት (ጣሂራት) ዝግበአን ይግባኣ፡ካብ ኣርባዓ መዓልቲ እንተ ዛይዱ በቲ ዘለዎ መግለጽን ኣካይዳን (ኩነታትን) ኣብ ሕርሲ እያ ዘላ እንተደኣ ቅድሚ ስሳ' (60) መዓልቲ ምብጻሓ ተቛሪጹ እዚ ደም ሕርሲ እዩ፡ካብ ስሳ' (60) ንላዕሊ ተወሲኹ ግን ናይ ጥዕና ኣይኮነን

ውሳኒኡ ውሳኔ እስቲሓዳ(ዘይልሙድ መድመይቲ) እዩ፡

ካብዘን ዝስዕባ ኩነታት ኣይወጽን እዩ፦

1) ህያው (ሂወት) ዘለዎ ቆልዓ ተወሊዳ እዚ ሕርሲ'ዩ፡

2) ልክዕ ከምኡ መዓልቱ ዝኣኸለ ምውት ቆልዓ ተወሊዳ፡

3)ከምኡ ድማ ሩሕ (ትንፋስ) ዝነበሮ ሚእትን ዕስራን መዓልቲ ወይ ኣርባዕተ ወርሒ ዝበጽሐ ተወሊዳ፡

4)ልክዕ ከምኡ ድማ እንተደኣ ናይ ከብዲ(ተነጺሉ) ከይድዋ እሞ ከኣ ኣካላቱ ዝተሰርዐ ማለት ካብ ሰማንያ ክሳዕ ተስዓ መዓልቲ ዘለዎ ምኽንያቱ ኣብ መንጎ ሰማንያ ተስዓ ዘሎ መዓልቲ ኣካላቱ ስለ ዝስራዕ፡

** እንተደኣ ዝረገአ ደም ከይድዋ ኣርባዓ መዓልቲ ዝገበረ ወይ ካብኡ ዝዋሓደ ፡ ወይ ከኣ ከም ሕያኽ ስጋ ኣካላት ዘይተሰርየ ማለት ሰማንያ መዓልቲ

ወይ ካብኡ ዝዋሓደ  እዚ ደም እዚ ደምፈሳድ (ዘይስሩዕ) እዩ፡ ውሳኒኡ ከኣ እስቲሓዳ (ዘይልሙድ መድመይቲ) እዩ፡

መዘኻኸሪ፡-

*ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ  ቅድሚ ኣርባዓ ተጸርያ እሞ ከኣ ተሓጺባ ተሰጊዳ ብድሕሪኡ ብጫን ቡኒ ጠቃርን ተመጺዋ ገና  ኣርባዓ  ከየእከለት ከላ ውሳኔኣ  እስቲሓዳ እዩ፡

*ኣርባዓ መዓልቲ ከየእከለት ብጫን ቡኒ ጠቃርን ምስ ደም ሕርሲ ተሓዊሱ ተመጺኡ እዚ ደም ሕርሲ እዩ፡

*እንተደኣ ልክዕ ድሕሪ ኣርባዓ መዓልቲ ምስታ ናይ ወርሓዊ ጽግያት ግዜ ተጋጢሙ መጺኡ ብሕብሩን ብጨንኡን እዚ ወርሓዊ ጽግያት እዩ ሰባት  (ሓፍቲ ደም ሕርሲ) ኢሎም ይሰሚይዎ፡

*ቅድሚ ሕርሲ ማይ ጥራይ ብዘይ ደም ተፈሲስዋ ሕርሲ ኣይበሃልን እዩ እኳደኣ ምስቶም ሰብ ግዴታ(ዋጅብ) እያ፡ ምስቲ ማይ ደም ተኸቲሉ

ወይ ከአ ባዕሉ ሕርሲ ክሳብ ዝመጽእ ምስ ጽሩያት እያ ትቁጸር፡

*ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ብሕክምናዊ መጥባሕቲ እንተ ሓሪሳ፡ ደም እንተደይርኢያ ምስተን ደም ናይ ሕርሲ ደለወን ኣይትቁጸርን እያ፡ከም በዓልቲ ቁስሊ ተመዲባ እቲ ዝበለጸ ቅድሚ ዝኾነ ዒባዳ ነቲ መጥባሕቲ ማይ ከይ ኣትዎ ጽቡቅ ጌራ ትሸፍኖ፡ብተወሳኺ ተየሙም ትገብር፡ወላ ብመጥባሕቲ ትውለድ እምበር እቲ ምትንፋስ ማህጸን ተረኺቡ'ሎ፡ ናይ መጥባሕቲ ድማ ምፍሳስ ደም ወላ ውሑድ ካብ ብልዕቲ ኣይተርፍን እዩ፡

---

ጠቀምቲ መጻሕፍቲ ኣብዚ ምዕራፍ እዚ፡

--ስቱና ሱኣለን ፊ ኣሕካም ኣልሔይድ ብሸይኽ ኢብን ዕሰይሚን::

---ሪሳላ ፊዲ'ማእ ኣጠ'ቢዒያቲ ሊኒሳእ ብሸይኽ ኢብኒ ዑሰሚይን::

---ኣልሔይድ ወኒ'ፋስ ሪዋያ ወዲራያ,ዲራሳ ሓዲስያ ፍቅህያ ብድብያን ኣዲብያን::

تم بحمد الله

**ኣብ'ዛ መጽሓፍ እዚኣ ዘለክን ዝኾነ ርእይቶን ሓበሬታን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሳ።**

Alewiya.m.burhan@gmail.com

**እዛ መጽሓፍ እዚኣ ዝበጽሓታ**

**ብዝተኻእለ መጠን ነተን**

**ዘይበጸሓን ኣሕዋት**

**ከተብጽሓለን ንላቦ!!!**

ترجمة

علوية محمد برهان

زبيبة محمد برهان

حقوق الطبع لكل مسلم

# إزالة الالتباس في أحكام الحيض والنفاس

تأليف

مها عبد الله العبودي نورة محمد الشتري

تقديم

فضلية الشيخ الدكتور

عبد العزيز بن محمد السدحان

الأستاذ بكلية التقنية بالرياض

مراجعة

د.أمل الصغير
أستاذ مساعد في كلية الشريعة
بالرياض

سنية محمد الطيب
استشارية نساء وولادة بمركز
الحبيب الطبي بالرياض